# በዓል መበል 17 ዓመት ነጻነት ኤርትራ ኣብ ስቶክሆልም ሽወደን

<u>ካብ ኣዳላዊት ሽማግለ</u>

መበል 17 ዓመት በዓል ነጻነት ብክብ ዝበለ ድምቐት ኣብ ስቶክሆልም ብመላእ ፖለቲካውያን ውድባት፡ ሲቪላውያ ማሕበራት፡ ውልቀ ሰባትን ዕዱማት ወጻእተኛታት ኣጋይሽን ተኸቢሩ ኣምስዩ።




ኤርትራዊ ፖለቲካዊ ውድባት ሲቪላዊ ማሕበራትን ኣብ ስቶክሆልም ነቲ መሪር ተጋድሎ፡ ግዙፍ መስዋእቲ ዝተኸፈለሉ ህዝባዊ ተጋድሎ ኣብ ግንቦት 24 1991 ብነጻነት ዝተደምደመ ብረታዊ ቃልሲ ብክብ ዝበለ ክብሪ ኣብዒልዎ፡ በቲ ሓደ መዳይ ከኣ ነቲ ንልዕሊ 17 ዓመት ህዝብና ዘይተጸበየ ኣዕናውን ኣሉታዊ ምሕደራ ምልካዊ ስርዓት ዘመልከተ ነበረ።

ጽምብል መበል 17 ዓመት ነጻነት ኤርትራ ብዕለት 24 ግንቦት ኣጋ ምሸት $18^{00}$ ጀሚሩ። ህዝብና ናብ'ቲ ዕድመ ዝተገበረሉ ቦታ ክመጽእ እንከሎ፡ ስድራ ቤታት ድቆም ሒዞም፡ ኣንስቶም፡ ሰብኡቶም ደቆም፡ ሽማግለ ይኹን መንእሰይ ኩሉ ተኣኻኺቡ ክኣቱ እንከሎ ነቲ በዓል ፍሉይ ዝበለ ድምቐት ሂብዎ ነበረ። ዕዱማት ብኣገባብን ስነ ስርዓትን ሰፊሮም ምስ ሓዙ ከኣ፡ በቲ ቆጸራ መሰረት በዓል ተኸፍተ። ብኣዳላዊት ሽማግለ ናይ እንቋዕ መጽእኹም ቃል ቀሪቡ። መደብት ናይ'ቲ ምሸት ከኣ ብዝርዝር ቀረበ።

መራሒት መደብ ወ/ሮ ምሕረት ዳዊት ኣደ ወንበር ማሕበረ ውህደት ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ሽወደን ናይ እንቋዕ ደሓን መጻኹም ሰላምታ ድሕሪ ምቕራብ፡ ኤርትራዊት ጓል ኣንስተይቲ ኣብ ትሕቲ ጨካን ምምሕዳር ተሕልፎ ዘላ ሂወት ዘኪራ መደረ ኣስሚዓ።



ካብ'ዚ ቀጺሉ እቲ ብክልተ ቋንቋታት ማለት ብትግርኛን ዓረብን ብኣዳላዊት ሽማግለ ዝቀረበ ናይ ተቃውምቲ ውድባትን ሲቪላዊ ማሕበራትን ሓባር ቃል ብቋንቋ ትግርኛ ብኣቶ ዓብዱ ሰላም፡ ብቋንቋ ዓረብ ከኣ ብኣቶ ነጋሽ ተነቢቡ። ካብ'ቲ ኣገዳሲ ትሕዝቶ ናይ'ዚ ሓባራዊ ቃል ከኣ ነቲ ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ኣብ መንጎ 13 ወድባት ዝተበጽሐ ስምምዕ ናይ ሓድነት ብስራት ዝደገፈ፡ ኣብ ጎኒ ዲሞክራሲያዊ ቃልሲ ጸኒዑ ክቃለስ ዝመረጸን ነበረ።

ብተወሳኺ ሓደ “ ዘይሕጋዊ ተቐማጢ ኣብ ሽወደን “ ዝተባህለ ማሓዛ ኤርትራውያን ዝኾነ ማሕበር ዕድመ ተገይርሉ ኣብ’ቲ ቦታ ተረኺቡ ደጋፍን መተባብዕን ናይ ምሕዝነት ቃል ኣቕሪቡ።እቲ ጽሑፍ ከኣ ብኣቶ ሊኑስ ኣቦ መንበር ናይ’ቲ ማሕበር ቀሪቡ።

ድሕሪ እዚ ናይ ሓባር፡ ናይ ደገፍን ምትብባዕን ቃል ምስ ተሰምዐ፡ ዕዱም ነቲ ዝቀረበሉ በብዓይነቱ ባህላዊ መግቢ ብስነ ስርዓት ተርኡ ሓሊዩ እጃሙ ወሲዱ ድራሩ በልዐ። ድሕሪ ድራር ከኣ ንሙሉእ ለይቲ ዝቀጸለ ባህላዊ ምሸት ቀጺሉ። ኣብ’ቲ ምሸት ንሕሉፍ ቃልስና ዘዘኻክር ዝተፈላልየ ዜማታት’ዩ ጀሚሩ። ንብዙሓት’ውን ዕዱማት’ውን ንገለ ግዜያት ሕሉፍ መዋእል ቃልሲ ዘዘኻከረ ነበረ፡ ካብ’ዚ ቀጺሉ ከኣ ነቲ ዲሞክራሲያዊ ቃልሲ ዘንጸባርቕ ዜማታት ቀሪቡ ዑዱማት ክስዕስዑ ኣምሰዩ።

ኣብ መንጎ ዕረፍቲ ባሕላዊ ሳዕሳዒት ከኣ ብዕዱማት ዝቀረበ ናይ ግጥምን፡ ንበዓል ነጻነት ዘንጸባርቕ ጽሑፋት ብተራ ተነቢቡ።




እቲ ባህላዊ ምሸት ብናይ ባህላዊ ደራፋይ መንእሰይ ተመስገን ብዘይምቁራጽ ንዕዱማት ከጻውት ድሕሪ ምምሳይ ኣብ መወዳእታ ኣሕዋት ምሕረትን ዮሴፍን ኣሰንዮሞ ንኩሉ ዕዱም ዘበራበረ ብዱሙቕ ጓይላ ተዛዘመ።

ብሓቂ ከኣ መበል 17 ዓመት በዓል ነጻነት ብድምቀት ብሓድነታዊ ስራሓትን ምትሕግጋዝን ተኸቢራ ኣምስያ።

ካብ ኣዳላዊት ሽማግለ
ስቶክሆልም ሽወደን